HM Government

Grenfell community updates

# Grenfell Tower community update: January 2026 - Tigrinya / ትግርኛ

**ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ናይ ማሕበረሰብ እዋናዊ ሓበሬታ - ጥሪ 2026**

ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ነቶም በቲ ሓደጋ ኣዝዮም ዝተሃስዩ ዓሚቕ ውልቃዊ ትርጉም ከም ዘለዎን፡ እታ መሬት ድማ ንስድራቤታት ክብርቲ ምዃናን ንፈልጥ ኢና። ነቲ ግምቢ ብጥንቃቐ ንምውራድ እንሰርሖ ስራሕ ክንሕብረኩም ንደሊ።

ኣብዚ እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ዝስዕቡ ዚያዳ ክትፈልጡ ትኽእሉ ኢኹም:

- መንደቕ መዘከርታ ግረንፈል (Grenfell)
- ግረንፈል (Grenfell) ልቢ ባነራት
- ምውራድ ክሬን
- ናይ ግምቢ መብራህቲ
- ምክትታል ሓበሬታ ብዛዕባ ኣቦራ፣ ምንቅጥቃጥን ዝርብሽ ድምጽን
- ናይ ጥዕናን ድሕንነትን ድጋፍ
- ከመይ ጌርካ ምሳና ትዛረብን ተወሳኺ ሓበሬታ ትረክብን።

ናይ ቅድሚ ሕጂ ሓበሬታ ኣብዚ ክትሪእዎ ትኽእሉ ኢኹም: www.gov.uk/grenfell-community-updates

## መንደቕ መዘከርታ ግረንፈል (Grenfell)

ኣብ ልዕሊ መንደቕ መዘከርታ ግረንፈል (Grenfell) ዝነበረ መብራህቲ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ወርሒ ተተኪኡ፡ ምኽንያቱ ብርኽት ዝበሉ ሕጂ ዘለዉ መብራህቲ ስለዘይሰርሑ እዩ።

## ግረንፈል (Grenfell) ልቢ ባነራት

ስራሕ እናሰጎመ ምስ ከደ፡ ነተን ናይ ግረንፈል (Grenfell) ልቢ ባነራት ካብቲ ግምቢ ንታሕቲ ኣግዒዝናየን ኣለና። እቶም ላዕለዎት ባነራት ኣብ መጀመርታ ናይዚ ወርሒ ተኣልዮም ነይሮም። እቶም ታሕተዎት ባነራት ኣብ መወዳእታ እዚ ዓመት ክእለዩ እዮም።

## ምውራድ ክሬን

እቲ ዝሓለፈ ሓጋይ ኣብ ቦታ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower)ዝተተኽለ ክሬን፡ ኩነታት ኣየር እንተፈቒዱ ኣብ ፍርቂ ተርም ትምህርቲ ኣብ ለካቲት ክወርድ እዩ።

## ናይ ግምቢ መብራህቲ

እቲ ግምቢ ብጥንቃቐ ኣብ ዝወረደሉ እዋን ዝርአ መዘኻኸሪ ክህሉ ኣገዳሲ ምዃኑ ሰሚዕና ኣለና። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኩርናዕ ናይቲ ግምቢ ጨራታት ብርሃን ንላዕሊ ንኽበርህ መብራህቲ ተኺልና ኣለና። ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ዝተወልዓ ኮይነን፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኩርናዕ ናይቲ ግምቢ ኩሉ ግዘ ምሸት፡ ካብ ሰዓት 5 ክሳብ ሰዓት 11 ክበርሃ እየን። ኣብ ልዕሊ ባነራት ልቢ ግረንፈል (Grenfell) ዝበርህ መብራህቲ ጽልግልግ ምስበለ ጀሚሩ ክሳብ ሰዓት 11 ምሸት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ለይቲ ክበርህ እዩ።

## ምክትታል ሓበሬታ ብዛዕባ ኣቦራ፣ ምንቅጥቃጥን ዝርብሽ ድምጽን

መንግስቲ ኣብ ቦታ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ኲሉ ስራሕቲ ብዝለዓለ ደረጃ ክፍፀም ቃል ኣትዩ ኣሎ። ጥዕናን ድሕነትን ሕብረተሰብን ኣብቲ ቦታ ዝሰርሑ ሰባትን ቀዳምነትና ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ኣብቲ ቦታ ብዛዕባ ኣቦራ፡ ምንቅጥቃጥን ዝርብሽ ድምጽን ቀጥታዊ መረዳእታ ዝእክቡ ሞኒተራት ኣለዉ። እቲ ዳታ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ይሕተም። እዋናዊ ጸብጻባት ንምርኣይ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሊንክታት ጠውቑ:-

[ጸብጻብ ምክትታል ኣቦራ፡ ካብ 1 ታሕሳስ 2025 ክሳብ 4 ጥሪ 2026](#)

[ጸብጻብ ምክትታል ምንቅጥቃጥ፡ ካብ 1 ታሕሳስ 2025 ክሳብ 4 ጥሪ 2026](#)

[ጸብጻብ ምክትታል ድምጺ፡ ካብ 1 ታሕሳስ 2025 ክሳብ 4 ጥሪ 2026](#)

ኤጀንሲ ድሕነት ጥዕና ዓባይ ብሪጣንያ (UK Health Security Agency፣ UKHSA) ስራሕ ኣብ ዝካየደሉ እዋን ኣብ ከባቢ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ኣብ ዝርከብ ከባቢ ጽሬት ኣየር ምግምጋምን ምክትታልን ክቕጽል እዩ። ጸብጻባቱ ወርሓዊ ይዝርግሑ። እዋናዊ ጸብጻብ ኣብዚ ክተንቡ ትኽእሉ ኢኹም:-

[ድሕሪ ባርዕ ግምቢ ግረንፈል (Grenfell Tower) ስዒቡ ዝግበር ናይ ከባቢ ምክትታል - GOV.UK](#)

## ናይ ጥዕናን ድሕነትን ደገፍ

ስምዒታውን ኣካላውን ናይ ድሕነትን ደገፍ ንሓዘንተኛታት ስድራቤታት፡ ብህይወት ንዝተረፉን ነበርቲ ናይቲ ቀረባ ማሕበረሰብን ኣብ ምሉእ እቲ ስራሕ ብጥንቃቐ ግምቢ ግረንፈል (Grenfell Tower) ንምውራድ ይቕጽል ኣሎ።

ምስ ዝኾነ ሰብ ኽትዘራረብ እንተ ደሊኻ:-

- ናብ ኣገልግሎት ድሕንነት ግረንፈል (Grenfell Wellbeing Service) ብ 020 8637 6279 ደውሉ። (ካብ ሰዓት 8 ንግሆ ክሳብ ሰዓት 8 ምሸት፣ በብመዓልቱ)
- ኣብ ህጹጽ እዋን ናብ ማእከላይን ሰሜናዊ ምዕራብ ለንደንን NHS ፋውንዴሽን (Central and North West London NHS Foundation Trust፣ CNWL) ንጽል ነጥቢ ምብጻሕ መስመር ምኽሪ ደውሉ፣ ብስልኪ ቁጽሪ:
  0800 0234 650 (ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት፣ ኣብ ሰሙን ሸውዓተ መዓልታት ክፉት እዩ)
- ኢመይል: [grenfell.wellbeingservice@nhs.net](mailto:grenfell.wellbeingservice@nhs.net)
- ንዚያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ተወከሱ: [www.grenfellwellbeing.cnwl.nhs.uk](http://www.grenfellwellbeing.cnwl.nhs.uk)

ብዛዕባ ዝርከቡ ኣገልግሎታት እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፡ [www.grenfell.nhs.uk](http://www.grenfell.nhs.uk)

## ከመይ ጌርካ ምሳና ትዛረብ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ትረክብ

ሓበሬታ ንዓኹም ሓጋዚ ብዝኾነ መንገዲ ክነካፍል ንደሊ። ብቐጻሊ ሰሩዕ ሓድሽ ሓበሬታ ኣብ ዝስዕብ ምክፋል ክንቅጽል ኢና:- [www.gov.uk/grenfell-community-updates](http://www.gov.uk/grenfell-community-updates)

ብኽብረትኩም በዚ ኢሜል ግበሩልና:- [GrenfellTowerSite@communities.gov.uk](mailto:GrenfellTowerSite@communities.gov.uk) ናብ:

- ንዓኻ ኣብ ዝምችእ ሰዓት፣ ዕለትን ቦታን ብውልቂ ወይ ብጉጅለ ክትዛረበና ምድላዋት ግበር።
- ብዛዕባ ነቲ ግምቢ ብጥንቃቐ ንምውራድ ዝሰራሕ ስራሕ ዝኾነ ሕቶታት እንተልዩኩም ሕተቱና ወይ ስክፍታታትኩም ኣካፍሉና።
- ብዛዕባ ሰሩዕ ኣኼባታትና ምስ ሓለፍትን ዋና ኮንትራክተርናን ኣብቲ ስራሕ ክትዛተዩሉ እትኽእሉ መገዲ ፍለጡ።
- ሰሩዕ ሓድሽ ሓበሬታና ብቐጥታ ብኢመይል ንክንሰደልኩም ሕተቱና።
- እንተደሊኹም፣ ምሳኻትኩም ብኸመይ ከምእንረዳዳእን ከምእንዋሳእን ብዝምልከት ሓሳብኩም ኣካፍሉ። ርእይቶኹም ብሓጎስ ንቕበሎ።

ንእዋናዊ ሓበሬታታት ብዛዕባ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower)፡ ከምኡ'ውን ንናይ ኢመይል መፍለጢታት ንምምዝጋብ፡ ብኽብረትኩም ናብዚ ዝስዕብ ኪዱ፡ www.gov.uk/grenfell-community-updates ወይ ድማ ነቲ QR ኮድ ስካን ግበሩ።

ጉጅለ ምሕደራ ቦታ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower)፣

ሚኒስትሪ ኣባይቲ፣ ማሕበረሰባትን ምምሕዳር ከባቢን